BBC LEARNING ENGLISH

# How do I…

## How do I talk about my morning routine?

*This is not a word-for-word transcript*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**

ሰላም፣ እንቋዕ ናብ መደብ How do I… ብድሓን መጻእኩም። ኣነ ተኸልማርያም በኪት ኢየ፡ ፊል እውን ምሳና ኣሎ።

**Phil**

Hello, everybody. Welcome!

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**

ኣብ'ዚ መደብ እዚ ብዛዕባ ኣዘራርባ ናይንግሆ ንጥፈታት ክንርኢ ኢና። ሕጂ፡ ሰባት ብዛዕባ ናይ ንግሆ ንግሆ ንጥፈታቶም ክዛረቡ ከለዉ ብምስማዕ ክንጅምር ኢና። ኩሉ ነገር ኣይተረድኣናን ኢልኩም ኣይትረበሹ፡ ምኽንያቱ ኣብ መጠረሽታ ክንሕግዘኩም ኢና። ሕጂ ግን ንነፍሲ ወከፍ ንጥፈታቶም ኣበየናይ ሰዓት ከምዝገብርዎ ንስማዕ። እዞም ዝስዕቡ ሓረጋት ከኣ ክሕግዙኹም ይኽእሉ፣ 'get up' ተበራቢረ 'wake up' ካብ ድቃስ ተንሲአ ማለት'ዩ።

*I wake up at 6 o'clock.*

*I get up at 7 o'clock.*

*I have a shower at 7 o'clock.*

*I have breakfast at 8 o'clock.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**

ንጥፈታቶም ኣበየናይ ሰዓት ከምዝገብርዎ ተረዲእኩም'ዶ? እንተዘይተረዲእኩም  ኣይትጨነቑ። ምኽንያቱ ብዛዕባ ነፍሲ ወከፍ ክንዛረብ ኢና። ስለዚ እቲ ናይ መጀመርያ ሰብ 'I woke up at…' ኢሉ፡ እቲ ሰዓት ክንደይ ከምዝነበረ ሰሚዕኩምዎ'ዶ?

**Phil**

It was 6 o'clock. When you want to say the time, you have to use the word 'at' to mention the time. So, for example, I can say 'I wake up at 5 o'clock.' Let's practise. Listen and repeat.

I wake up at 6 o'clock.

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**

ቀጺሉ፡ እቲ ተዛራቢ 'I get up at…' ኢሉ፤ ነቲ ሰዓት ሰሚዕኩምዎ'ዶ…? እወ፣ 'at 7 o'clock.' ኔሩ። 'Wake up' ን 'get up' ን ዝተፈላለየ ትርጉም ከምዘለዎም ዘክሩ። 'Wake up' ማለት ካብ ድቃስ ክትበራበሩ እንከለኹም ኢዩ፣ 'get up' ማለት ግን ካብ ድቃስ ምስ ተበራበርካ ካብ ዓራት ምትንሳእ ማለት ኢዩ።


© British Broadcasting Corporation 2018

**Phil**
Let's practise saying the sentence. Listen and repeat.

I get up at 7 o'clock.

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ፡ እታ ቀጺላ ዝተዛረበት 'she has a shower' ኢላ። ሰዓት ክንደይ ከምዝነበረ ሰሚዕክምዎ'ዶ? ሕጂ እውን ሰዓት 7፡00 ኔሩ።

**Phil**
We use the action word 'have' with shower.

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ትኽክል፡ ከምኡ'ውን ነቲ ናይ ተግባር ቃል 'take' ዝብል ምስቲ ነብስኻ ምሕጻብ ክንጥቀመሉ ንኽእል። 'Have' ገለ ነገር ንምግባር ወይ ከኣ ተመኩሮ ናይ ገለ ነገር ንምግላጽ የገልግል።

**Phil**
Yes, let's practise. Listen and repeat.

I have a shower at 7 o'clock.

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ ስራሕ! እቲ ናይ መጨረሽታ ተዛራቢ ቁሪሰ ኢሉ/ላ። ትርጉም 'have breakfast' ማለት 'to eat' ክኸውን እንከሎ፡ ካልእ ጥቕሚ ናይ 'have' ኢዩ። ፊል… ምስ ዝስተ ነገር 'have' ክንጥቀም ንኽእል'ዶ?

**Phil**
You absolutely can. We can use 'have' to talk about eating and drinking. So I can say 'I'm having a sandwich' and 'I'm having a coffee.'

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣዝዩ ጠቓሚ ቃል ኢዩ። So why don't we 'have a practice'?

**Phil**
Yes, let's practise. Listen and repeat.

I have breakfast at 8'clock.

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕራይ እምበኣር፣ ዝተመሃርናዮ ንለማመድ። በቲ ካብ ድቃስ ምትንሳእ ዘመልክት ሓረግ ጌርና ሰዓት ክንደይ ክምእንትንስእ ንሓብር። ሰዓት 8፡00 ከም እንትንስእ ጌርና ንለማመድ። ኣብ መጨረሽታ ከኣ ናይ ፊል ኣበሃህላ ብምስማዕ ከተወዳድርዎ ኢኹም።

**Phil**
I wake up at 8 o'clock.


© British Broadcasting Corporation 2018

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ነዚ ካብ ዓራትና ንምትንሳእ ዝሕብር ሓረግ ንተዓዘብ። ሰዓት ክንደይ ካብ ዓራት ትትንስኡ። ጸኒሕኩም መልስኹም ምስ ናይ ፊል ኣረኣእይዎ።

**Phil**
I get up at 9 o'clock.

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕጂ ከኣ ክልተ ዝተፈላለዩ ጥቕሚ ናይ 'have' ክንርኢ ኢና፡ እቲ ሓደ ነገር 'ምስራሕ' ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ 'ምብላዕ' ማለት ኢዩ። ትዝክርዎም'ዶ? ምስ 'shower' ምስ 'breakfast' ይዛመዱ ኢዮም። ነቶም ክልተ ሓሳባት ድገምዎም፡ ድሕሪኡ ከኣ ከምቲ ልሙድ ናይ ፊል መልሲ ብምስማዕ ምስ መልስኹም ከተወዳድርዎም ኢኹም።

**Phil**
I have a shower at 9 o'clock.
I have breakfast at 9 o'clock.

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
Did you say the same?

**Phil**
I think you did very well, and I hope you had fun listening to today's lesson. Now, I'm going to have a coffee.

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣነ እውን! ንፍልልይ 'wake up' ከምኡ'ውን 'get up' ን ኣይትረስዑ፡ ከምኡ እውን ብዛዕባ ግዜ ክትዛረቡ እንከለኹም 'at' ምጥቃም ዘክሩ። ምሳና ሓቢርኩም ብምጽናሕኩም ነመስግን፡ ደሐን ኩኑ።

**Phil**
Goodbye!


© British Broadcasting Corporation 2018